# ህዝቢ እንታይ ይብል ኣሎ ?

ህዝቢ ኤርትራ ብስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብፍላይ ድማ ብላዕለዎት መራሕቲ፣ ኣመሓደርትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ይማረር ኣሎ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ'ቶም ሓለፋ ዘለዎም መራሕቲ ካልእ ኩሉ ብኣስገዳድ ዝሃልፎ ዘሎ መነባብሮ ጸገማቱን ዘርዚርካ ኣይውዳእን።

እቲ ሎሚ መሰረታዊ ለውጢ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ዝደሊ ዘሎ፣ እቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝጸንሐ ዘይኮነስ ድምር ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ እዮም።

<u>“ሓደ ሓደ ሰባት ከም ዝሕብርዎ ወሪድዎ ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ህ.ግ.ደ.ፍ ሓንቲ ሓይሊ የብሉን፣ ኣቶም ሓይሊ ዘለዎም እቶም ብስም ህ.ግ.ደ.ፍ ውሳኔ ዝሕልፉን፣ ኣዋጃት ዝእውጁ ኣብ'ቲ ማእከላይ መሪሕነት'ውን ብኣጻብዕ ናይ ዝቑጸሩ ውሑዳት መራሕቲ ናይ ዝካየድ'ዩ”።</u>

ህ.ግ.ደ.ፍን ህዝብን ድዩ ወይ ድማ፣ ውሑዳት ሰባት'ዮም ነቲ ጉዳይ ሃገር ህዝቢ ጨፍሊቆም ዘካይድዎ ዘለዉ ስራሓትን ተግባራትን ንምፍላጥ ብቀሊሉ፣ እቲ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዘሎ መሪሕነት፣ ካብ ካቢኔ ሚኒስተራት ክሳብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብኸመይ ተመዲቦምን ኣበይ ይሰርሑ ምህላዎም ምልላይ ኣኻሊ'ዩ።

ላዕለዎት መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ንህዝቢ ይኹን ንሰራዊት በቲ ድሮ ቅድሚ ክንደይ ዓመታት ዝመደብዎን ዘጽደቕዎን ውጥን ይኹን መደብ ንህዝቢ ንምሕባር ደኣ'ዮም ዝእክብዎ'ምበር፣ <u>ህዝቢ ሓሳባቱን ድሌቱን ክሕትተ፣ ዘለዎ ሽግር ክሕተት፣ ዘለዎ ደገፍ ድማ ክዛረብ ኣይኮነን</u>።

እቶም ዝሕተቱ እንተኾይኖም፣ እቶም ተመሪጾም ብመደብ ፍሉይ ሕቶ ክሓቱ ዝርኣዩ ባእታት እንተዘይኮይኖም ኣብ ኤርትራ ከም'ቲ ንወጻኢ ዝለኣኽ ናይ ፕሮፓጋንዳ ቪድዮታት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝብሎ ኣይኮነን።

ህዝቢ ኣብ ኤርትራ ብኸምይ መነባብርኡ ይኣሊ ኣሎ፣ እቲ ኣብ ላዕላይ ሹቕን ኣስመራ( ማእከል) ኣብ ካልእ ንኣሽቱ ከተማታት ኤርትራ ብኽብሪ ዕዳጋ ዝማረር ዘሎ ህዝቢ ሃለዋት ቀንዲ መዕቐኒ'ዚ ስርዓት'ዩ።

ካብ (ጸብሒ ኣቡን) ኮሚደረ ዝሓሰረ ነገር ኣሎ ? ሎሚ እታ ዝኸበረት ንሳ እያ። ህዝቢ ኤርትራ ዋላ እቲ ስኡን ድኻ ዝተባህለ፣ ጽፍፍቲ ድኽነት ዘሕለፈ ሕማቕ ለሚዱ፣ ዝኸፈአ መጺእዎ። እዚ ድማ ካብ ኣሕዋቱን ደቁን ዘይተጸበዮ ብምዃኑ ልዕሊቲ ኩሉ ካልእ ተስፋ ኣቁሪጽዎ ይብሉ”።

ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ባህሪያቶም ዘቃልዕ ተግባራት ክፍጸም ብተደጋጋሚ ብዓይኖም ንዝረኣዩ፣ ሕቶ ደምበ ተቓውሞ ሕቶ ህዝቢ፣ ሕቶ መሰልን ሰብኣዊ ክብርን ክበርሃሎም ኪእሉ ከም ዘሎ ዘይሓብኡን ዘይክሕዱን ብዙሓት ተቓውሞኦምን ብውልቃዊ ይገልጽዎ።

እዚ ትማሊ ኣብ ማእከል ጎደና ኣስመራ ዝተፈጸመ ቅትለት ሓደ መንእሰይ ክንዛረብ ሓንቲ መንእሰይ ኤርትራዊት ጽን ቢላ ክትሰምዕ ድሕሪ ምጽንሓ፣ “ ኣዚ ደኣ ኣብ ኤርትራ ልሙድ እንድዩ፣ ኣነ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝነበርክሉ ኣብ ከባቢ ኤክስፖን፣ ኣብ ከባቢ ማእከል ዕዳጋ ተዓዚበ፣ ሞት ቀሊል እዩ። ሞት ስትረት እዩ። ነቶም መንእሰያት ካብ መኪና ዘሊሎም ዝሃደሙ ብማህረምቲ ከም ዘይሰሩ'ዮም ዝገብርዎም። ጸይሮም ድማ ይሰቕልዎም ካብ'ዚ ዝኸፍእ የልቦን። ብድሕሪኡ ብዕላል ዕላል ካብ ሰባት ዝሰማዕኽዎ፣ እቲ መንግስቲ ካብ መኪና ዘሊሉ ዝሃደመ ብጥይት እግሩ ክህረም ከም ዘፍቐደ ምስ ሰማዕኹ፣ ህ.ግ.ደ.ፍ ቅተሉ ቢሉ ከም ዘፍቐደ ቆጺረዮ” ትብል።

እቶም ኩሎም ብዛዕባ'ቲ ቅትለት ማእሰርቲ፣ ክብሪ ዕዳጋን ኮናትን ወረ ኮናትን ርእዮም ሰሚዖም ብህ.ግ.ደ.ፍ ዝማረሩ፣ መፍትሒ ጉዳይ እንታይ'ዩ ምስ ትብሎም ? ደምበ ተቃውሞ ኣይሓየለን ይብሉ።

ካልእ ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ዝዝረብ ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታ ክትጽሕፎ፣ ዘሕኝኽን፣ ስግድግድ ዘብል፣ ፍንፉን ዘይባህልን ልምድን፣ ዘይጸንሐን ዘየነበረን ተግባራት፣ ብደረኛ ጭካኔን፣ ንስለ ክብሪ እታ ጓል ኣንስተይቲ ኝኽየጽሕፎ መሪጸ።

እታ ጓል ሞት ደኣ ክዳን እንድዩ ዝበለትኒ ድማ፣ ለካ'ዚ ድማ ኣሎዩ። ዘይሰማዕናዮ'ምበር ዘየተግብረን ዘየተፈጸምንስ የልቦን እዩ ብማለት።ምሕታት ኣቋሪጸዮ።

በዚ ንዝምልከት ምሕታንን ምጽሓፍን ዘቋረጽክሉ ምኽንያት ሓደ እቲ ተግባራት ኣብ ርእስ'ቶም ኣካላዊ ጉድኣት ዝወረዶም፣ ተመሊሾኻ ምጽሓፉን ሞራል ሰባት ክትንክፍን ስለ ዝክእል እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኩሉ'ቲ ካብ ባህሊ ልምዲ ወጻኢ ዝግበር ተግባራ ክሕሰብ ዝኽእል ይፍጸም ምህላዉ ግን ድሮ ኣብ'ቲ ላዕሊ ምእማት ይከኣል።

## <u>*መደምደምታ*</u>

እዚ መሰጋገሪ መድረኽ ስለ ዝኾነ ህዝቢ ተቃወምቲ ሓይልታት ሓንቲ ኣይገብሩን ኣለዉ ቢሎም ክኸሱ ባህሪያዊ እዩ። ቅድሚ ቅሩብ ግዜ እዚ ተቃዋሚ ሓይሊ ከም ሓሙሻይ መስርዕ ተባሂሉ በቲ ብናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ማዕከና ንህዝቢ እዝኑ ዘጽመመ ሎሚ መድረኹ ሓሊፍዎ'ዩ።

ሰዓብቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ነበር ብዘይካ ውሑዳት፣ እቲ ዝበዝሕ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ማለት ካብ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ናብ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ምዕባለ ስለ ዘሎ ብቀጥታ ናብ ደምበ ተቃውሞ ክሕወስ ንስለ ዘሸገሮ፣ ለውጢ ከም ዝደልን ግን ከኣ ተቃወምቲ ፋሕፋሕ ይብሉ ከም ዘለዉን፣ ንኣዲስ ኣበባ ይኸዱን፣ ምስ መንግስቲ ሱዳን ይተሓባበሩ ከም ዘለዉ ዝብል ምኽንያት ብምቅራብ ትጽቢቱ ይገልጽ።

ሃለዋት ስድራ ካብ ሃንቲ ናይ'ቲ ሓደ ዝገድድ፣ መጸናንዒ ዘይትረኽበሉ ኮይኑ ህዝቢ እንታይ ይጽበን፣ እንታይ ክፍጸም ክርኢ ይደሊ ኣሎ ክርዳእካ የጸግም።

ይትረፍ ኣብ ብዙሓት ስድራ ቤታት ኣብ ሓንቲ ስድራ ክመጽእ ዝኽእል ጸገምን ሽግርን ከም ሓንቲ ስድራ ቤት ሓደ ሽግር ጥራሕ ኣይኮነን። ሽግር ሓንቲ ስድራ ቤት ምስ ቁጽሪ እታ ስድራ ቤት ዝተመጣጠነ እዩ። ቀደም ሽግር ስድራ ቤት ኣቦን ኣደን ይጸርዎ ነይሮም፣ ሎሚ ግን ሳላ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ሓንቲ ስድራ ዓሰርተ ርእሶም እንተኾይኖም ዓሰርተ ሽግራት ኣለዎም። ኣቦ ንበይኑ፣ ኣደ ንበይና እቶም ውሉዳት ከኣ ከምኡ።

እዚ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሞዴል ምሕደራ፣ ንያት ህዝቢ ምድሃኽን ምድኻምን ኮነ ተባሂሉ ዝግበር እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ከም'ቲ ቀዳሞት ዝፈሸላ ዴሳውያን ሃገራት ዘካየድኦ ዝመስል እዩ። ሓደ ካብኡ ሽኾር ብኩፖን እዩ ዞደል፣ እቶ ኩፖን ድማ ኣየገልግልን እዩ። ኣቲ ዝበዝሕ ብጸሊም ዕዳጋ'ዩ ዝሽየጥ። እቲ ብዓቐን ዝወሃብ ሕብስተ (ባኒ) እውን ብልማኖን ብፍቶትን እዩ።

ህ.ግ.ደ.ፍ በቲ ብላዕሊ ላዕሊ ዝዘረበሉ ፖለቲካዊ ስልጣን ህዝቢ፣ ቁጠባዊ ዕብየት ጥራሕ ኣይኮነን ንህዝቢ ሃስይዎ፣ እቲ ዝኸፍአ ክሳብ ኣብ ውሽጢ ብሕታዊ ማሕበራዊ ናብራ'ውን ብዙሓት ጸገማት ይፈጥር ብምህላው ካብ'ቲ ህዝቢ ዝዛረቦ ክፍልጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

እዚ ካብ ህዝቢ ዝመሓላለፍ መልእክቲ ንደምበ ተቓውሞ ኤ.ዲ.ኪን ውድባትን ኣገዳስነት ኣለዎ። በዚ ድማ ህዝቢ ዘረብኡ ክስምዓን እቲ ህዝቢ ዝብሎ ኩሉ ተመርሚሩ ሓቕነቱ ተጻርዩ መዓልቱን ቦታኡን ተመዝጊቡ ብሰነድ ክትሓዝን፣ ናይ'ቲ ኣብ ርእሲኦም ዝተፈጸመ ገበናት ድማ ክሕተተሎምን መታን ክኽእል።

ሰላም ንህዝቢ ይኹን
25 መስከረም 2005
ኣንቶንዮ ተስፋይ